



**ተጋደል ኤርትራዊ ተጋደል……**
**Tegadel Eritrawi Tegadel…**

**ተጋደል ኤርትራዊ ተጋደል………………..**
**እስላማይ ክርስትያናይ ኣብ "ኣይንፈላለ" ጸበል**
**ወ/ኣብ ወ/ማርያም ሸኽ ኢብራሂም ምሰል**
**ብፓልቶክ ብዩ-ትዩብ ብብርዒ ተሓምበል**
**ብትዊተር ፈይስ-ቡክ ኢንተርነት ተፋተል**
**ብመንፈስ ብኣካል ብንዋት ተኻፈል**
**መጥቃዕቲ ኤውሮፓ ጀኔቫ ተጸምበል**
**ኣመሪካ ኣፍሪቃ ካናዳ ተሰበል**
**ዓዲ-ዓረብ ኣውስትራልያ ኤስያ ኣለኹ በል**
**'ቲ ኲናት ይሰልበጥ ኣብ ዓመጽቲ ወልወል**
**ናይ ጽንዓትካ ደወል ሕጂውን ይደወል**
**ጽናዕ ከም ቀደምካ ብሓደ ተጠቐለል**
**ተዓዛባይ ኳንካ ኣይርከብን መሰል**

**ተጋደል ሓርበኛ ተጋደል……………………**
**ህዝቢ ንሓዋሩ ኣብ ስደት ከይብለል**
**ባቕዳድ ከይትኸውን ኣስመራኻ ጎብለል**
**በብ'ቲ ክእለትካ ተዋጋእ ተማህለል**
**ሎሚ ከም ትማሊ ኣብ ሃገራውነት ዕስል**
**መገዲ ውሕጅ ጽረግ ከይኣትው ሰንፈለል**
**ጒሒላ ክቃላዕ 'ቲ ደናብ ከይምወል**
**ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ናይ ሃንደስቲ ኣመል**
**ምህዞ "ሰብኣዊ መሰላት" ከይረኽበካ ሽመል**

ልኡኻን ሃንዳሶ ከየትሕዙኻ ገፈል
ንብዓት ሓርገጽ ባይቶ ከየስሕተካ ማእከል
ሓንሳብ ንሓዋሩ ዶባትካ ክትለል
እገዳ ክለዓል ፍትሒ ንክትከል
ሰላም ንክንረክብ ምሰልገሰና ሓበል
ፍታሕ ክርከቦ ናይ ቅሳነት ጸበል
ታሪኽካ ከድህሰስ ምዕባለ ክጽምበል

**ተጋደል ሃገራዊ ሕጂውን ተጋደል.........................**

ብቆሎ ጥጥቕ ወትሩ ኣይትተሃመል
ናይ ወገን ሃይማኖት ግደፎ ሸንኮለል
ደገፍ ከይትኸውን ኣብ ናይ ደናባት ዓንኬል
መሳርሒ ኣይትኹን ህዝብኻ ከይምቀል
ሕጂ ግዳ ሓገዝ ረኺብካ ዘይ’ሕለል
መሪሕ ዝውድብካ ኣፍሪኻ ብመትከል
ኑብስኻ ክኢልካ ኣብ ናይ ጉዕዞ ገመል
ሕርሻ ‘ማዕቢልካ ህዝብኻ ከይብከል
ክኢላ ኣፍሪኻ ወርቂ ፖታሽ ባዕከል
ሓድነትካ ኢዩ ወትሩ ዘይ’ፍንቀል
ዝነብሐ ‘ተነብሐ ኣብ ጊልያነት ኮለል
መብጽዓ ኣሐድስ ሰማእታትካ ጽደል
ጥልመት ከይ’ስዕርር ባህልኻ ከይ’ብከል
ሕሉፍ ጅግንነትካ ወትሩ ከይፍንቀል!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንሰማእታትና !
ክብሪን ሞገስን ንሓይልታት ምክልኻልና !
ወትሩ ዓወት ን’ሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
መኸተ ኣብ ሚድያ
ሰነ 2015